


# ብኤረ መንእሰያት ናይ እስራኤል ወጮ ተጎምጒማ ነስመራኣ ተመልሰት።

---

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፡ ካናዳ

ፌብሩዋሪ 11፡ 2017

ክቡራን ኤረ መንእሰያት ናይ እስራኤል፡ ደሓን'ዶ ኣምሲ'ኹም? ሂወትኩም፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ማሕረ ንክትህልዉልና ትምኒት ናተይን ናይ ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ዳይስፖራን ኢዩ።

ዎ ክቡራን ኤረ መንእሰያት ናይ እስራኤል፡ ኣብ ምሸት ዓርቢ፡ ኣብ ፌይስ ቡክ ዝላኣኹሙልና ናጤባ ቴለ ግራም በጺሑና ኣሎ። ክቡራን ደቀያት ኣይተሳኣኑ፡ ሎም ምሸት ዘይተጸበናዮ ዓወት ተደሪርና ሓዲርና ኣሎና።

ድራር ጅግና ዑመር ናስር ሹም፡ ድራር ጅግና ዑቖበ ኣብርሃ፡ ድራር ስዉእ ኣቦ ሰውራ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ድራር ጅግና ሓድሽ ወልደገርግሽ፡ ድራር ናይ ፎርቶ ኣባ ፈንቅል ጅግና ስዒድ ዓሊ፡ ድራር ጅግና ምቑሕ ሙሴ ተስፋሚካኤልን ድራር ካልኦት ጸብጺብካ ዘይውድኡ ኣማኢት ኣሽሓት ጀጋኑናን ኣኻዕቢትኩም ዓወት ኣድሪርኩምና ኣምሲኹም ኣለኹም።

እወ ነዛ ወኻርያ ህግደፍ ሄለን መለስ ግርም ጌርኩም ኣጢምኩማ ኣለኹም። ሕጂስ ነስመራኣ ተመሊሳ፡ ኣብ ግቡእ መስርዓ ክምትኣቱ ጌርኩማ ኣለኹም። ናብ ደቂ መሳርዓ፡ ለቓላቑ ስርዓት ኣስመራ ተኸለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል) ከምኡ'ውን ሚሊሽያ ስርናይ በረኸት መንግስትኣብ ከምትጽምበር ጌርኩማ ኣለኹም። ብኣኹም ብዙሕ ተሓቢነ ኣለኹ። የሕዋትኩም መንእሰያት ዳይስፖራ እውን ብዙሕ ተሓቢኖም ኣለዉ።

ክቡራን ኤረ መንእሰያት ናይ እስራኤል፡ ፋሺስቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ነዛ ወርደተኛ ሄለን መለስ ናብ እስራኤል ልኢኹ፡

**መዐንዘዝ መንእሰያት ክራክ ኮኮይን ዝኾነ ሳይከደሊካዊ ደርፍታት ክተት፡ ተሰለፍ፡ ተዋጋእ፡ ተኸላኸል ኣስሚዑ፡ መንእሰያትና ቃንዛታትን ኣበሳን ካልኦት ኣናእሸቱ የሕዋቶም ከይዝክሩ ከዕነውንዎም ኢዩ ኔሩ እቲ ፕሪሞ ውጥኑ። ኣብ ኣስመራ ዝተፈብረኸ ክራክ ኮኮይን ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ዕላምኡ ከይወቅዐ፡ በርዒኑ ከምዝተረፍ ጌርኩሞ ኣለኹም።**

**ኣናብስ እስራኤል፡ ኣብ ለይቲ ዓርቢ ዝፈነኹሞ ጓዘመታት ደጊም ናብ ኩሎም ውጹዓት በጺሑ ከምዘሎ ክሕብረኩም እፈቱ። የቐንየለይ፡ የቐንየልና።**

**ብሩኽ ምሸት።**